| English | Tigrinya /ትግርኛ |
| --- | --- |
| **Health care for asylum seekers and refugees in Scotland** | **ኣብ ስኮትላንድ ንዝርከቡ ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ዝውሃብ ክንክን ጥዕና** |
| In Scotland, most health care is provided by the National Health Service (NHS). Everyone who lives legally in Scotland has a right to some NHS care, no matter what nationality they are.<br>If you are an asylum seeker or a refugee living in Scotland, this factsheet tells you how you can get health care from the NHS while you are here. | ኣብ ስኮትላንድ ዝውሃብ መብዛሕቱ ክንክን ጥዕና፡ ብNational Health Service (NHS) (ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና) ይውሃብ። ብሕጋዊ መንገዲ ኣብ ስኮትላንድ ዝነብር ኩሉ ሰብ፡ እቲ ዘለዎ ዜግነት ብዘየገድስ፡ ብNHS ዝውሃብ ገለ ክንክን ንኽረክብ መሰል ኣለዎ።<br>ኣብ ስኮትላንድ ዝነብር ዘሎ ሓታቲ ዑቕባ ወይ ስደተኛ እንተኾንኩም፡ እዚ ወረቐት ሓበሬታ፡ ኣብዚ ሃገር ኣብ ዘለኹሙሉ ግዜ፡ ካብ NHS ዝርከብ ክንክን ጥዕና ብኸመይ ክትረኽቡ ከምእትኽእሉ ይሕብር። |

| | |
|---|---|
| **I am seeking asylum. Can I get health care from the NHS in Scotland?**<br>• You can get health care from the NHS if:<br>    ○ your application for asylum is being considered, or<br>    ○ you have been refused asylum and you are appealing against the decision. | **ዑቕባ ንኽረክብ ይሓትት ስለዘለኹ፣ እቲ ካብ NHS ዝርከብ ክንክን ጥዕና ኣብ ስኮትላንድ ክረክብ እኽእል'ዶ?**<br>• ከምዚ ዝስዕብ እንተኾይኑ፣ ካብ NHSዝርከብ ክንክን ጥዕና ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፥<br>    ○ ዑቕባ ንምርካብ ዘቕረብክምዎ መመልከቲ ተቐባልነት እንተረኺቡ፣ ወይ ድማ<br>    ○ እቲ ዘቕረብክምዎ ሕቶ ዑቕባ ስለዝተነጸገ፣ ንስኹም ድማ ኣንጻር እቲ ዝተዋህበ ውሳኔ ይግባይ ዝሓተትኩም እንተኾይንኩም |
| **I have been granted asylum. Can I get health care from the NHS?**<br>• You will continue to get health care from the NHS if you have been:<br>    ○ given the right to stay in the UK as a refugee<br>    ○ granted humanitarian protection, or<br>    ○ granted discretionary leave. | **ዑቕባ ረኺበ ስለዘለኹ፣ እቲ ካብ NHS ዝርከብ ክንክን ጥዕና ክረክብ እኽእል'ዶ?**<br>• ነዚ ዝስዕብ ዝረኸብኩም እንተኾይንኩም፣ ካብ NHS ዝርከብ ክንክን ጥዕና ብቐጻሊ ክትረኽቡ ኢኹም፥<br>    ○ ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ከም ስደተኛ ኴንኩም ንኽትነብሩ መሰል ዝተዋህበኩም<br>    ○ ብሰንኪ ሰብኣዊ ኩነታት ጸግዒ ዝተዋህበኩም፣ ወይ ድማ<br>    ○ ንዘይተወሰነ ግዜ ፍቓድ መንበሪ ዝተቐበልኩም |
| **I have been refused asylum. Can I get health care from the NHS in Scotland?**<br>• If you have been refused asylum, and any appeals against the decision have also failed, you can still get health care from the NHS while you are in Scotland. | **ዘቕረብክዎ ሕቶ ዑቕባ ተነጺጉ ስለዘሎ፣ እቲ ካብ NHS ዝርከብ ክንክን ጥዕና ኣብ ስኮትላንድ ክረክብ እኽእል'ዶ?**<br>• ዘቕረብክምዎ ሕቶ ዑቕባ ምስዝንጸግ፣ እሞ ኸኣ ኣንጻር እቲ ዝተዋህበ ውሳኔ ይግባይ ሓቲትኩም ምስዘይሰልጠኹም፣ ሕጂውን ኣብ ስኮትላንድ ንእትጸንሕዎ ግዜ፣ እቲ ካብ NHS ዝርከብክንክን ጥዕና ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። |
| **What do I need to do to get health care from the NHS?** | **እቲ ካብ NHS ዝርከብ ክንክን ጥዕና ንኽረክብ፣ ክገብሮ ዘለኒ ነገር እንታይ እዩ?** |

- You need to find a family doctor as soon as possible after you arrive in Scotland, and ask them to register you as an NHS patient. You will not have to pay for this.

- In Scotland, family doctors are often called General Practitioners or GPs. They work in GP surgeries, practices or health centres.
- The GP will decide if you can register as an NHS patient and if you can get NHS treatment free.
- The GP will help you look after all your health needs. They will decide if you need to see another health professional – for example a hospital doctor, or someone in mental health or maternity services. If you do, the GP will make the appointment for you.

- If you are getting support from the UK Border Agency, they may ask you to register with a particular GP surgery.
- If you are not getting support from the UK Border Agency, Scottish Refugee Council may be able to help you find a GP surgery and make an appointment for you to register. See page 7 for how to contact Scottish Refugee Council.
- You can also phone the NHS inform Helpline on 0800 22 44 88 or look on the internet (www.nhs24.com) to find a GP surgery. The NHS helpline can provide an interpreting service.
- When you have found a GP surgery, contact them and make an appointment to register as an NHS patient.
- If you need an interpreter, ask the GP surgery to arrange this for you. When you make an appointment, tell them what language you prefer to use.

- ኣብ ስኮትላንድ ምስ ኣተኹም፡ ኣብ ገዛ ብምምጻእ ዝሕክመኩም ሓኪም ቤተሰብ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ክትረኽቡ የድልየኩም፤ ከም ሕሙም (ተሓካሚ) NHS ንኽመዝግበኩም ድማ ሕተትዎ። ከምዚ ንኽግበረልኩም ገንዘብ ክትከፍሉ የብልኩምን።

- መብዛሕቱ ግዜ፡ እቶም ኣብ ስኮትላንድ ዝርከቡ ሓካይም ገዛ፡ General Practitioners ወይ GPs (ሓፈሻዊ ሓኻይም) ተባሂሎም ይጽውዑ። ንሳቶም ድማ ኣብ ኣብያተ-ጽሕፈት GP፣ ማእከላት ሞያ ወይ ጥዕና ኮይኖም ይሰርሑ።
- ከም ተሓካሚ NHS ኽትምዝገቡ ትኽእሉ እንተኼንኩምን ሕክምና NHS ብናጻ ኽትረኽቡ ትኽእሉ እንተኼንኩምን፡ GP ኪውስን እዩ።
- GP፡ ንዘድልየኩም ኩሉ ዓይነት ጥዕናዊ ጠለባት ኣብ ምክትታል ክሕግዘኩም እዩ። ኣብ ካልእ በዓል-ሞያ ጥዕና - ንኣብነት ሓኪም ሆስፒታል ወይ ኣብ ኣገልግሎታት ስነ-ኣእምሮኣዊ ጥዕና ወይ መወልዳን ዝሰርሕ ሰብ - ንኽትርኣዩ ዘድልየኩም እንተኾይኑ ድማ ንኽትርኣዩ ይውስን እዩ። ዘድልየኩም እንተኾይኑ ድማ ምስ GP ቆጸራ ክሕዘልኩም እዩ።

- ካብ UK Border Agency (ወኪል ዶብ ዩናይትድ ኪንግዶም) ደገፍ ትረኽቡ እንተሊኹም፡ ኣብ ፍሉይ ቤት ጽሕፈት GP ንኽትመዝገቡ ክሓትኹም ይኽእሉ እዮም።
- ካብ UK Border Agency ዝርከብ ደገፍ ትረኽቡ እንተዘየሊኹም፡ Scottish Refugee Council (ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ)፡ ንኽትምዝገቡ ቆጸራ ክትሕዝሉ እትኽእልሉቤት ጽሕፈት GP ኣብ ምርካብ ክተሓጋግዘኩም ይኽእል እዩ። ንScottish Refugee Council ብኸመይ ከምእትውከሱ ንኽትፈልጡ፡ ገጽ 6 ርኣዩ።
- ብ0800 22 44 88 ገይርኩም ድማ ናብ NHS inform Helpline ክትድውሉ ትኽእሉ ወይ ድማ ቤት ጽሕፈት GP ኣበይ ከምዝርከብ ንኽትፈልጡ ኣብ ኢንተርነት ( www.nhs24.com) ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም። ንመስመር ሓገዝ NHS፡ ኣገልግሎት ምስትርጓም ክህብ ይኽእል እዩ።
- ቤት ጽሕፈት GP ኣብ ዝረኸብክምሉ ግዜ፡ ነቲ ቤት ጽሕፈት ብምውካስ፡ ከም ሕሙም NHS ንኽትምዝገቡ ቆጸራ ሓዙ።
- ኣስተርጓሚ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ ነዚ ነገር’ዚ ንኽሰርዓልኩም ንቤት ጽሕፈት GP ሕተቱ። ቆጸራ ኣብ እትሕዝሉ ግዜ፡ እቲ ክትጥቀምሉ እትደልዩ

| | |
|---|---|
| | ቋንቋ እንታይ ምዃኑ ሓብርዎም። |
| **What happens when I register as an NHS patient?**<br>• When you go to the GP surgery, the staff will ask you for some personal information – for example, your name, address and date of birth.<br>• The staff will ask to see some documents to help them decide if you can register as an NHS patient. If you need hospital care, staff at the hospital will also ask to see these documents.<br>  ○ **If you are seeking asylum**, NHS staff may ask you to show:<br>    ▪ your Application Registration Card (ARC) – you may have been given this card at your asylum screening interview, or<br>    ▪ documentsfrom the UK Border Agency saying that you have applied for asylum.<br>  ○ **If you are a refugee**, they may ask you to show:<br>    ▪ your passport<br>    ▪ your travel document, or<br>    ▪ a letter from the Home Office that says you are allowed to stay in the United Kingdom.<br>• If you don't have the documents they ask for, staff at the GP surgery won't be able to register you as an NHS patient. | **ከም ሕሙም NHS እንተተመዝጊበ፡ ስዒቡ ዝኸውን እንታይ እዩ?**<br>• ናብ GP ሓፈሻዊ ሕክምና ኣብ እትኸድሉ ግዜ፡ እቶም ሰራሕተኛታት፡ ገለ ውልቃዊ ሓበሬታ — ንኣብነት፡ ስምኩም፣ ኣድራሻኹምን ዕለተ-ልደትኩምን ክሓትኹም እዮም።<br>• እቶም ሰራሕተኛታት፡ ከም ሕሙም NHS ክትምዝገቡ ትኽእሉ እንተኾንኩም ንኽውስኑ መታን ክሕግዞም፡ ገለ ሰነዳት ከተርእይዎም ክሓትኹም እዮም።<br>  ○ **ዑቕባ ሓቲትኩም ዘለኹም እንተኾንኩም፡** ሰራሕተኛታት NHS፡ ነዞም ዝስዕቡ ከተርእይዎም ክሓትኹም ይኽእሉ እዮም፥<br>    ▪ ዘለኩም Application Registration Card (ARC) ካርዲ ምዝገባ መመልከቲ (ARC) — እዚ ካርዲ'ዚ፡ ቃለ-መጠይቕ መርመራ ዑቕባ ኣብ ዝተኻየደልኩም ግዜ ዝተዋሃብኩም ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ወይ ድማ<br>    ▪ ካብ UK Border Agency ዝተዋህበኩም ሕቶ ዑቕባ ከምዘቕረብኩም ዝገልጽ ሰነዳት<br>  ○ **ከም ስደተኛ ተቐባልነት ዝረኸብኩም እንተኾንኩም፡** ነዞም ዝስዕቡ ከተርእይዎም ክሓትኹም ይኽእሉ እዮም፥<br>    ▪ ዘለኩም ፓስፖርት<br>    ▪ ናይ ጉዕዞ ሰነድኩም ወይ<br>    ▪ ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ንኽትቕመጡ ፍቓድ ከምዝተዋህበኩም ዝገልጽ ካብ Home Office (ሆም ኦፊስ) ዝተቐበልክምዎ ደብዳቤ<br>• እቲ ዝሓተትኹም ሰነዳት እንተዘይብልኩም፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት GP ዝርከቡ ሰራሕተኛታት፡ ከም ሕሙም NHS ክምዝግብኹም ኣይክኽእሉን እዮም። |
| **When I am registered as an NHS patient, is all health care free?**<br>**If you are a refugee**<br>• **A lot of your health care will be free**. But you may need to pay for some things – for example, and dental treatment.<br>• For more information about help with health costs, see the leaflet 'A quick guide to help with health costs' (HCS2). This | **ከም ሕሙም NHS ዝተመዝገብኩ እንተኾይነ፡ እቲ ኩሉ ዝውሃበኒ ክንክን ጥዕና ብናጻ ድዩ?**<br>**ከም ስደተኛ ተቐባልነት ዝረኸብኩም እንተኾንኩም**<br>• እቲ እትረኽብዎ መብዛሕቱ ክንክን ጥዕና ብናጻ እዩ። ንገሊኡ ግን — ንኣብነት፡ ንሕክምና ስኒ — ክትከፍሉ የድልየኩም እዩ።<br>• ብዛዕባ ሓገዝ ወጻኢታት ሕክምና ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ፡ 'ሕክምናዊ |

leaflet tells you if you can get free treatment or help with the costs. It is available from citizens advice bureaux and Jobcentre Plus offices. You can also find it on the internet (www.scotland.gov.uk/healthcosts).

**If you are seeking asylum and you get asylum support from the UK Border Agency**

- The UK Border Agency will give you an HC2 certificate. This shows you don’t need to pay for your health care.

**If you are seeking asylum and you don’t get asylum support from the UK Border Agency, or if you have been refused asylum**

- You will need to fill in an HC1 form to apply foran HC2 certificate. This shows you don’t need to pay for your health care.
    - You can get an HC1 form from a Jobcentre Plus office, an NHS hospital, or by phoning 0845 850 1166.
    - Scottish Refugee Council may also be able to help you with this. See page 7 for how to contact Scottish Refugee Council.

ወጻኢ.ታት ኣብ ምኽፋል ዝሕግዝ ቅልጡፍ መምርሒ (A quick guide to help with health costs’ (HCS2)) ዝብል ንኡስ-ጽሑፍ ርኣዩ። እዚ ንኡስ-ጽሑፍ፡ ናጻ ሕክምና ወይ ገንዘብ ዘይክፈሎ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ እንተ ኼንኩም ዝሕብር እዩ። እዚ ድማ ካብ citizens advice bureaux (ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ንዜጋታት) ከምኡውን ካብ ኣብያተ-ጽሕፈት Jobcentre Plus (ጆብሰንተር ፕላስ) ይርከብ እዩ። ኣብ ኢንተርነት (www.scotland.gov.uk/healthcosts) ድማ ኽትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**ዑቕባ ንኽትውሃቡ ዝሓተትኩም ኬንኩም፣ እሞ ኸኣ ካብ UK Border Agency ደገፍ ዑቕባ ዝረኸብኩም እንተ ኼንኩም**

- UK Border Agency፡ ሰርቲፊኬት HC2 ክህበኩም እዩ። እዚ ድማ ንዝግበረልኩም ክንክን ጥዕና ክትከፍሉ ከምዘየድልየኩም ዝምስክር እዩ።

**ዑቕባ ንኽትውሃቡ ዝሓተትኩም ኬንኩም፣ ግን ከኣ ካብ UK Border Agency ደገፍ ዑቕባ ዝረኸብኩም እንተዘይኬንኩም ወይ ድማ ዝሓተትክሙዎ ዑቕባ እንተተነጺጉ**

- ሰርቲፊኬት HC2 ንኽውሃበኩም ንምምልካት፡ ንቕጥዒ HC1 ክትመልኡ ከድልየኩም እዩ። እዚ ድማ ነቲ እትረኽብዎ ክንክን ጥዕና ክትከፍልሉ ከምዘየድልየኩም ዝምስክር እዩ።
    - ንቕጥዒ HC1 ካብ ቤት ጽሕፈት Jobcentre Plus፣ ሆስፒታል NHS ወይ ናብ 0845 850 1166 ብምድዋል ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።
    - Scottish Refugee Council፡ ኣብዚ ጉዳይ’ዚ ድማ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። ንScottish Refugee Council ብኸመይ ከምእትውከሱ ንኽትፈልጡ፡ ገጽ 7 ርኣዩ።

## Can my family get health care from the NHS?

- **If you are registered as an NHS patient, your husband, wife or civil partner, and any of your children who live in Scotland with you, can get health care from the NHS**.The children must be aged under 16, or under 19 and in full-time education.

  Staff at the GP surgery will ask you to complete a form for your husband, wife or civil partner and for any children. You may need to show your marriage or civil partnership certificate, and birth certificates for your children.

- **Any other members of your family** may be able to get health care from the NHS,  but they will need to prove that they have their own right to NHS care.

## ቤተሰበይ፣ ካብ NHS ንዝርከብ ክንክን ጥዕና ክረኽቡ ይኽእሉ’ዶ?

- **ከም ሕሙም NHS ዝተመዝገብኩም እንተ ኾንኩም፣ ብዓል-ቤትኩም፣ ብዓልቲ ቤትኩም ወይ ሰቪላዊ መጻምድቲ ከምኡውን ኣብ ስኮትላንድ ዝቕመጡ ደቅኹም፣ እቲ ካብ NHS ዝርከብክንክን ጥዕና ድማ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።** እቶም ቆልዑ፣ ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ክኾኑ ወይ ድማ ትሕቲ 19 ዓመት ዝዕድሚኦም ኮይኖም ናይ ምሉእ-ግዜ ተማሃሮ ክኾኑ ይግባእ።

  ኣብ ቤት ጽሕፈት GP ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፣ ንበዓል ቤትኩም፣ ብዓልቲ ቤትኩም ወይ ሰቪላዊ መጻምድትኹም፣ ከምኡውን ደቅኹም ዝኸውን ቅጥዒ ንኽትመልኡ ክሓትኹም እዮም። ሰርቲፊኬት መርዓኹም ወይ ሰቪላዊ ዝምድናኹም ከምኡውን ሰርቲፊኬት ዕለተ-ልደት ደቅኹም ከተርእይዎም የድሊ ይኸውን እዩ።

- **ካልኦት ኣባላት ቤተሰብኩም፣** እቲ ካብ NHS ዝርከብ ክንክን ጥዕና ክረኽቡ ይኽእሉ እኳ እንተኾኑ፣ ካብ NHS ዝርከብ ክንክን ንኽረኽቡ መሰል ከምዘለዎም ግን ከረጋግጹ የድልዮም።

<table>
<tr>
<td>

## What happens if I am not registered as an NHS patient?

- If you are not registered as an NHS patient, you can still get some health care from the NHS.

**Services that are free for everyone include:**

  - emergency care in a hospital (in the accident and emergency department,casualty department or minor injury unit)
  - emergency care at a GP surgery
  - emergency transport in an ambulance
  - sexual health services
  - treatment for some infectious diseases and sexually transmitted infections.

</td>
<td>

## ከም ሕሙም NHS ዘተመዝገብኩ እንተዘይኮይነ፣ ስዒቡ ዝኸውን እንታይ እዩ?

- ከም ሕሙም NHS ዘተመዝገብኩም እንተዘይኬንኩም፥ ሕጂውን ካብ NHS ዝርከብ ገለ ክንክን ጥዕና ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**እቶም ንኹሉ ሰብ ብናጻ ዝውሃቡ ኣገልግሎታት፣ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፥**

  - ኣብ ሆስፒታል ዝውሃብ ህጹጽ ሕክምና (ኣብ ክፍሊ ሓደጋን ህጹጽ ረድኤትን፣ ኣብ ክፍሊ ሓደጋ (ኬዥዋሊቲ) ወይ ድማ ኣሃዱ ንኡስ-መቑሰልቲ)
  - ኣብ ቦታ GP ዚውሃብ ክንክን ህጹጽ ኩነታት
  - ብኣምቡላንስ ዝግበር ህጹጽ ጉዕዞ
  - ኣገልግሎታት ጾታዊ ጥዕና
  - ንገለ ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ለበዳታትን ዝግበር ሕክምና

</td>
</tr>
</table>

## How can I find out more?

- **Phone Scottish Refugee Council** on 0800 085 6087 or look on the internet (www.scottishrefugeecouncil.org.uk).
- **Phone the UK Border Agency** on 0141 555 1200 or look on the internet (www.ukba.homeoffice.gov.uk).
- **Phone the NHS inform Helpline on 0800 22 44 88** (textphone 18001 0800 22 44 88) for information about health conditions and services. The helpline can provide an interpreting service.
- **Contact your local citizens advice bureau** for free, confidential, impartial and independent advice about almost anything, including NHS services and your rights. To find your nearest branch, look in your phone book or on Citizens Advice Scotland’s website (www.cas.org.uk).

## ተወሳኺ ሓበሬታ ብኸመይ ክረክብ ይኽእል?

- ብ0800 085 6087 ገይርኩም ናብ **Scottish Refugee Council** ደውሉ፡ ወይ ኣብ ኢንተርነት (www.scottishrefugeecouncil.org.uk) ርኣዩ
- ብ0141 555 1200 ገይርኩም ናብ **UK Border Agency** ደውሉ ወይ ድማ ንኢንተርነት (www.ukba.homeoffice.gov.uk) ከፊትኩም ርኣዩ
- ብዛዕባ ኩነታትን ኣገልግሎታትን ጥዕና ዝምልከት ሓበሬታ ንምርካብ፡ **ብ0800 22 44 88** (textphone 18001 0800 22 44 88) **ገይርኩም ናብ NHS inform Helpline**ደውሉ። መስመር ሓገዝ (ሄልፕላይን)፡ ኣገልግሎት ምስትርጓም ክህብ ይኽእል እዩ።
- ንኣገልግሎታት NHSን ዘለኩም መሰላትን ኣብ ዜጠቓልል ዳርጋ ኣብ ኵሉ ነገር፡ ናጻ፣ ምስጢራዊ፣ ቅኑዕን ዘይወገናውን ምኽሪ ንኽትረኽቡ፡ ኣብ **ከባቢኹም ንዝርከብ citizens advice bureau ተወከሱ።** ኣብ ቀረባኹም ዝርከብ ጨንፈር ንምርካብ፡ ንዘለኩም መጽሓፍ ዝርዝር ተሌፎን ወይ ዌብሳይት Citizens Advice Scotland (ምኽሪ ዜጋታት ስኮትላንድ) (www.cas.org.uk) ርኣዩ።

**Other factsheets in this series**

- Health care for people coming to Scotland to work
- Health care for people coming to Scotland to study
- Health care in Scotland for former UK residents now working abroad
- Health care in Scotland for UK passport holders living abroad
- Health care for UK pensioners visiting Scotland.
- Health care in Scotland for holidaymakers from overseas

You can get these factsheets in another language or format from:

- anywhere you get NHS care
- www.nhsinform.co.uk
- www.hris.org.uk
- the NHS inform Helpline on 0800 22 44 88 (textphone 18001 0800 22 44 88)

**ኣብዚ ተኸታታሊ ዝውጽእ ጽሑፍ ዝርከቡ ካልኦት ወረቓቕቲ ሓበሬታ**

- Health care for people coming to Scotland to work (ንኽሰርሑ ኢሎም ናብ ስኮትላንድ ንዝመጹ ሰባት ዝውሃብ ክንክን ጥዕና)
- Health care for people coming to Scotland to study (ትምህርቲ ንኽምሃሩ ኢሎም ናብ ስኮትላንድ ንዝመጹ ሰባት ዝውሃብ ክንክን ጥዕና)
- Health care in Scotland for former UK residents now working abroad (ተቐማጠ ዩናይትድ ኪንግደም ዝነበሩ ኣብዚ እዋን'ዚ ግን ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝሰርሑ ንዘለው ሰባት ዝውሃብ ክንክን ጥዕና)
- Health care in Scotland for UK passport holders living abroad (ነቶም ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝነብሩ ዘለው ፓስፖርት ዩናይትድ ኪንግደም ንዘለዎም ሰባት ኣብ ስኮትላንድ ዝውሃብ ክንክን ጥዕና)
- Health care for UK pensioners visiting Scotland (ንስኮትላንድ ዝበጽሑ ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም መልዕሎ ዝቕበሉ ሰባት ዝውሃብ ክንክን ጥዕና)
- Health care in Scotland for holidaymakers from overseas (ነቶም ክዘናግዑ ኢሎም ዝመጹ ወጻእታኛታት ዚውሃብ ሕክምናዊ ክንክን ስኮትላንድ)

ነዞም ወረቓቕቲ ሓበሬታ ብኻልእ ቋንቋ ወይ ቅዲ ካብዞም ዝስዕቡ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፥

- ክንክን NHS ኣብ እትረኽብሉ ዝኾነ ቦታ
- www.nhsinform.co.uk
- www.hris.org.uk
- NHS inform Helpline - 0800 22 44 88 (textphone 18001 0800 22 44 88)

## Feeling unwell?

- **Go to a pharmacy** and ask for advice. To find your nearest pharmacy, phone the NHS inform Helpline on 0800 22 44 88 or look on the internet (www.nhs24.com).
- **Visit the NHS 24 website** at www.nhs24.com for health information and advice.
- **Contact the GP surgery** where you are registered. If you need an interpreter, ask the GP surgery to arrange this for you.
- **Phone NHS 24 on 08454 24 24 24** or look on the internet (www.nhs24.com) if the GP surgery where you are registered is closed, or if you are not yet registered as an NHS patient. NHS 24 can provide an interpreting service.

**In an emergency (if your condition is very serious), phone 999 and ask for an ambulance.**

## ሕማቅ ኣብ ዝስምዓኩም ግዜ?

- **ናብ ፋርማሲ ብምኻድ፡** ምኽሪ ሕተቱ። ኣብ ቀረባኹም ዝርከብ ፋርማሲ ንምርካብ፡ ብ0800 22 44 88 ገይርኩም ናብ NHS inform Helpline ደውሉ ወይ ድማ ኣብ ኢንተርነት ( www.nhs24.com) ርኣዩ።
- ጥዕናዊ ሓበሬታን ምኽርን ንምርካብ፡ ኣብ www.nhs24.com **ብምኻድ ንዌብሳይት NHS 24 ከፊትኩም ርኣዩ።**
- ነቲ ዝተመዝገብክሙሉ **ቤት ጽሕፈት GP ተወከሱ።** ኣስተርጓሚ እንተደሊኹም፡ ንኸዳልወልኩም ንቤት ጽሕፈት GP ሕተቱ።
- እቲ ዝተመዝገብክሙሉ GP ሓፈሻዊ ሕክምና እንተተዓጽዩ ወይ ድማ ከም ሕሙም NHS ዘይተመዝገብኩም እንተኾንኩም፡ **ብ08454 24 24 24 ገይርኩም ናብ NHS24 ደውሉ** ወይ ኣብ ኢንተርነት (www.nhs24.com) ርኣዩ። NHS 24፡ ኣገልግሎት ምስትርጓም ክህብ ይኽእል እዩ።

**ኣብ ግዜ ህጹጽ ኩነታት (ኩነታትኩም፡ ኣዝዩ ከቢድ እንተኾይኑ)፡ ናብ 999 ብምድዋል ኣምቡላንስ ንኽትመጸኩም ሕተቱ።**

We have tried our best to make sure that the information in this factsheet is correct. However, the factsheet is for guidance only so you should not rely on it as a complete statement of the law. If you are thinking about taking legal action, you should contact a solicitor, a citizens advice bureau or any other advice agency.

ኣብዚ ወረቐት-ሓበሬታ ዝርከብ ሓበሬታ ቅኑዕ ንኽኸውን ዝከኣልና ጽዒርና ኢና። ኮይኑ ግን፡እዚ ወረቐት-ሓበሬታ፡ ንመመርሒ ዘገልግል ጥራይ ስለዝኾነ፡ ከም ምሉእ መግለጺ ሕጊ ገይርካ ብምውሳድ ኣብኡ ክትውከሉ ኣይግብኣኩምን እዩ። ሕጋዊ ስጉምቲ ንኽትወስዱ ትሓስቡ እንተልይኹም፡ ንጠበቓ፣ citizens advice bureau ወይ ዝኾነ ካልእ ትካል ምኽሪ ክትውከሱ ይግባእ።

Email ask@hris.org.uk to ask for this information in another language or format.

ነዚ ሓበሬታ’ዚ ብኻልእ ቋንቋ ወይ ቅዲ ንኽትረኽቡ፡ ናብ ask@hris.org.uk ኢመይል ግበሩ።

| | |
|---|---|
| Produced by Health Rights Information Scotland, a project of Consumer Focus Scotland, for the Scottish Government Health Directorates.<br>Version 4- Produced in October 2011- Revision date October 2012 | ንቤት ጽሕፈት ጥዕና መንግስቲ ስኮትላንድ (Scottish Government Health Directorates) ዘገልግል ፕሮጀክት ኮንሰይመር ፎካስ ስኮትላንድ (Consumer Focus Scotland) ኮይኑ፣ ብቤት ጽሕፈት ሓበሬታ ጥዕናዊ መሰላት ስኮትላንድ (Health Rights Information Scotland) ዝፈረየ እዩ።<br>ቅጺ 4- ጥቅምቲ 2011 ተዳልዩ - ዝምሓየሸሉ ዕለት ድማ ጥቅምቲ 2012'ዩ |